# Benvenuti a Bellinzona

Tigrino



ዘለናዮ እዋንን ዘሕለፈቶ ግዜን ይመስገን ከተማ በሊዞና ብርእሰ ተኣማንነት ንመጻኢ ትጥምት።
ዋና ከተማ ካንቶን ተሲን ዝኾነት ከተማና ከባቢ 44000 ተቐማጦ ሃልይዋ ኣዝዩ መሳጢ ዝኾነ ታርኽ ትውንን። ነቲ ናይ ማእከላይ ዘመን ዝኾነ መናድቑን ግብታትን ክብሪ ንምሃብ ድማ „La Turrita“ ኢሎም ይጽውዕዋ። ካብ 2000 ጀሚራ ድማ እዛ ከተማ ኣብ ናይ UNESCO-ሊስታ ናይ ዓለምከኽ ውርሻ ተመዝጊባ ትርከብ። እዛ ከተማ ናይ ባዕላ ኣቃውማ ብምዕቃብ ምቹእ ናይ ሂወት ቅዲ ንተቐማጦኣ እንዳ የአንገደት ንኹሉ ማዕጾዋ ዝኸፈተት ንእሽተይ ከተማ ናይ ኩሉ ዜጋታታ ኮይና ትርከብ። ንኣብነት ሓደ ርብዒ ተቐማጢ እዛ ከተማ ናይ ስዊዘርላንድ ዜግነት ዘይብሎም ኮይኖም ካብ ከባቢ 100 ሃገራት ዝመጹ ድማ እዮም።

ከተማ በሊዞና ከምዚ ዝኣመሰለ ብዙሕነት ንሓባራዊ መነባብሮ ሕብረተሰብ ክሳብ ክንደይ መኽሰብ ምዃኑ ኣጸቢቑ ዝርደኣ ከተማ እያ። ምውህሃድ ሕብረተሰብ ድማ ልዕሊ ኩሉ ኣገዳስነት ስለዘለዎ - ዜግነት ተቐማጢ እዛ ከተማ ብዘየገድስ፡ ዝኾነ ሰብ ኣብ ዝኾነ ሰዓት ክምጉትን ንዓሌትነት ክብድህን ዕድል ትህብ።
እዚ ጥራዝ ድማ ነዚ ዕላማ ሽቶ ኣብ ምውቃዕ፡ መጎተ ኣብ ምእላይን ነቶም ሓደስቲ ናብ በሊዞና ዝመጹ እተማእዝን እያ።

# ሕሉፍ እዋን

ታሪኽ ምስ ንምልከት ከተማ በኢንዞና ሰለስተ ኣገደስቲ ግዜ ኣሕሊፋ ኣላ። መጀመርያ ኣብ መወዳእታ 12 ክፍለዘመን ኮይኑ፡ ስትራተጂካዊ መቐይሮ ናብ ምምሕዳር መስፍናዊ ስርዓት ሚላኖ ምስ ተቐረነት እዩ። ጅዮግራፊካዊ ኣቀማምጣ እዛ ከተማ ኣብ ኣፍደገ መዳይቦ ኣኽራናት ኣልፐን ከም ምዃና መጠን፡ በሊዞና ቀንዲ መተፋነኒት መሳፍንቲ ሚላኖን እንዳ ቪስኮንቲን ስፎርዛን ናይ ሃገር ኮንፈደረሽንን ኮነት።


ድሕሪ ነዊሕ ቁጠባዊ ድኽመት ናይ ክፍለዘመናት ድማ እታ ከተማ ኣብ መወዳእታ 19 ክፍለዘመን፡ ብሰንኪ ምስራሕ መገዲ ባቡር ጎትሃርድ፡ ተሲን ምስ ኩሉ ክፋላት ስዊዘርላንድ ክትራኸብ ብምኽኣላ፡ ርሑይ ቁጠባዊ ምዕባለ ከተርእይ ጀመረት። ኣብ በሊንዞና ድማ ናይ መጀመርያ መዕረፊ ባቡር ኣብ ካንቶን ተሲን ተሰርሐ። ብድሕሪኡ'ውን ንተቐማጦ በሊንዞና ክሳብ ሕጂ ካብልቦም ዘይርሳዕ ናይ ኢንዱስትሪ እዋን ተፈጥረ።

እዛ ንእሽተይ ከተማ በሊንዞና እምበኣር ካብ 1878 ጀሚራ ዋና ከተማ ናይ ተሲን ድሕሪ ምዃን ኣብ መጀመርያ 20 ክፍለዘመን ድማ ክሳብ ልዕሊ 10'000 ተቐማጦ ክትሓቁፍ ክኢላ። ጸኒሖም ካምፓኒታትን ምምሕዳራት መንግስትን ከምእኒ ስዊስኮምን ኣገልግሎት ፖስታን ኣብታ ከተማ እግሪ ተኺሎም።

ብዕለት 2. ሚያዝያ 2017 መስርሕ ምትእኻኻብ ናይ 13 ከባቢታት ናይ በሊዞና፡ ካሞሪንኖ፡ ክላሮ፡ ጂቢያስኮ፡ ኖስካ፡ ጎርዱኖ፡ ጉዱ፡ ሞለኖ፡ ሞንተ ካራሶ፡ ፒያነዞ ፕረንዞ፡ ሳንታ ኣንቶንዮን ሰመንቲናን ድሕሪ ምዝዛም ሓንቲ ከተማ በሊንዞና ቆመት።

# መጻኢ ከተማ

ኣብ ናይ ቀረባ ሕሉፍ ታሪክ ምስ ንምልከት ዝበዝሐ ኣካል ተቐመጥቲ እዛ ከተማ ኣብ ዝተፈላለዩ ጽፍሕታት ህዝባዊ ኣገልግሎት እዮም ዝዓዩ ነይሮም። መጻኢ ዕድል ኣዝዩ በዳሂ ዝኾነ ግዜን ሃብታም ዕድላትን ከም ዝህሉ ክግመት ይከኣል። ብሳላ ምስራሕ ቢንቶ ጎትሃርድ ናይ መንገዲ ሰዓታት ኣዝዩ ድሕሪ ምቑናስ ብተወሳኺ ናይ ሰሜን ስንጭሮታት ኣልፐን ምስ ደቡባዊ ሸነኹ ቀሪቡ ክጽጋዕ ዝያዳ ዕድል ተረኺቡ። ከም መደብ ተወጢኑ



ዘሎ ምስፋሕ ህዝባዊ መጎዓዝያን ምስራሕ ሓዲሽ መዕርፎ ባቡራት ኣብ ማእከል ከተማን ገለ ካብቲ ዝሩቋሕ መስርሕ ትሕተ-ቅርጽን ኣብ ዝመጽእ ዓመታት ድማ ነታ ከተማ ንኽትነብረላን ንኽትሰርሓላን ዝያዳ ምቹእነት ዝፈጥር ኩነታት እዩ።
ጎኒ ጎኑ'ውን ምስራሕ ናይ ሕክምና ስነፍልጠታዊ ምርምር (Biopolo) ከም ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል። ሓድሽ ህንጻታት ንትካል „Istituto di Ricerca in Biomedicina" (IRB) ከምኡ ድማ ን„Istituto oncologico di ricerca" ከምኡ'ውን ናይ ብቑዓት ማእከል ናይ ባቡር ተክኖሎጂ ኣብዚ ሕጂ ዘሎ ናይ ትካል SBB-Industriewerk ክጥቀሱ ይከኣል።



# ኣብ በሊንዞና ምቕማጥ

ኣብ በሊንዞና ክትቅመጡ ምስ ትደልዩ ኣብ ውሽጢ ሸሞንተ መዓልቲ ኣብቲ ከተማ ምስ ኣተኹም ናብ ናይ ተቐማጦ ምምሕዳር ኬድኩም ክትምዝገቡ ይግባእ። ኣብቲ ዝተፈላለየ ጉዳይ ዝሳለጠሉ 13 ፒያኖ ዝሓዘ ቤት ጽሕፈት ነዚ ዝስዕብ ነገራት ሒዝኩም ብኣካል ክትከዱ ይግባእ፡ ታሴራ፡ ናይ መድሕን (ኢንሹራንስ) ካርድ፡ ናይ ክራይ ገዛ ውዕል። ናይ ስዊዘርላንድ ዜግነት እንተዘይብልኩም ድማ እሞ ኸኣ ልዕሊ ሰልሰተ ወርሒ ኣብታ ከተማ ክትጸንሑ መደብ እንተሃልይኩም ከኣ ናይ መንበሪ ፍቓድ ወረቐት ካብ ኢሚግረሽን ከተምጽኡ ይግባእ።
ገዛ ዝደልዩ ሰባት ድማ ኣብ ናይ ጋዜጣ መመልከቻታትን ኣብ ኢንተርነትን ወይ ድማ ምስ ዝተፈላለዩ ናይ ገዛ ደለልቲ ትካላት ክውከሱ ይኽእሉ። ሓበሬታ ብዛዕባ ሕጋዊ መሰላት ክራይ ዝምልከት ካብ ማሕበር ተኻረይቲ ወይ ድማ ኣብ Camera ticinese dell'economia fondiaria ክትረኽቡ ትኽእሉ።



# ስራሕ ኣብ በሊንዞና

እንተደኣ ከም ወጻእተኛ ኮይንኩም ኣብ በሊንዞና ክትሰርሑ ደሊኹም ናይ ስደተኛታት መንበሪ ወረቐት ወይ ድማ ናይ ምጽናሕ ፍቓድ ከድልየኩም እዩ። ከከም ዝተወሃበኩም ፍቓድ ድማ ዝተፈላለዩ ግቡእን መሰላትን ኣለኩም (ነዚ ዝምልከቱ ሓበሬታታት ኣብ ናይ ካንቶን ኢሚግረሽን ቤት ጽሕፈት ክትረኽቡ ትኽእሉ)።
ናይ ስራሕ ቐረባት ድማ ኣብ ዕለታዊ ጋዜጣታትን ኢንተርነትን ክትረኽቡ ትኽእሉ። ናይ ስራሕ መድለዩ ወረቓቕትኹም ድማ ኣብ ዝተፈላለያ ትካላት ክትሰዱ ይከኣል። ገለ ትካላት'ውን ቀዋሚ ስራሕ ዕድል ይህባ እየን።

# ኢንሹራንስን ቀዳማይ ረዲኤትን

ጎኒ ጎኒ ብቐጥታ ካብ ማሃያ ዝቑረጽ ናይ ማሕበራዊ ውሕስነት ክፍሊት (ናይ ጥሮታ፡ ናይ ሸቐለት ኣልቦ ውሕስነት፡ ናይ ሽምግልናንን ስንክልናን ውሕስነት) ተወሳኺ ዝተፈላለዩ ናይ ውሕስነት ኢንሹራንስ ኣብ ስዊዘርላንድ ዝቕመጡ ሰባት ውዕል ክገብሩ ይኽእሉ፡ ናይ ሕክምና ውሕስነት (Grundversicherung)፡ ናይ ሓደጋ ውሕስነት፡ ናይ ህንጻን ንብረትን ውሕስነት፡ ናይ ባርዕን መባእታዊ ዕንወትን ከምኡ ድማ ናይ መኪናን ቱግቱግን ውሕስነት (እንተ ደኣ ትውንኑ ኮይንኩም)። ካልእ ኩሉ ተወሳኺ ኢንሹራንሳት ከም እኒ ናይ ሕክምና ተወሳኺ ውሕስነት፡ ናይ ውልቂ ሓላፍነት ውሕስነት ወዘተ ግን ብወለንተና ዝግበር ውዕላት ናይ ኢንሹራንስ እዩ።
ካብተን ዝተፈላለያ ናይ ኢንሹራንስ ትካላት ከምድላይኩም ክትሓርዩ ትኽእሉ ኢኹም። ዝኾነት ትካል ኢንሹራንስ ድማ ነቲ ዝተጠቐሰ ጠለብ መሰረታውያን ውሕስነት ከተማልእ ብሕጊ ትግደድ እያ። እዚ መሰረታዊ ውሕስነት ዝበሃል ድማ ኩሉ ናይ ሓኪም ወጻኢታትን ናይ ሕክምናዊ ረዲኤት ክፍሊትን ይሽፍኑ።
ሰራሕተኛታት ናይ ሂወት ኣድሕን ዞባዊ ሆስፒታላት ኣብ በሊንዞናን ቫሊን ዝርከቡ ድማ ኣብ ዘለኹሞ መጺኦም ክረድእኹም ይኽእሉ።



# ጥዕናን ማሕበራዊ ኣገልግሎትን

ናይ ውልቂ ሓኪም ብወለንታ ዝደለኹሞ ክትመርጹ ትእክሉ። ገለ ናይ ኢንሹራንስ ትካላት ግዳ ጽብብ ዝበለ ኣማራጺታት ጥራይ ኢየን ዘእንግዳ። እንተደኣ ቋንቋኹም ዝመልኽ ሓኪም ክትመርጹ ደሊኹም ንኣብነት ማሕበር ሓካይም ተሲን ኣየኖት ሓካይም ኣበይ ከም ዝርከቡ ክሕብሩኹም ይኽእሉ።
ፋርማሲታት ናይ ሓኪም ወረቐት ዘድልዮን ዘየድልዮን መድሃኒት ይዕድሉን ጠቓምቲ ሓበሬታ ንኣጠቓቕማ ኣፋውስ ድማ ይልግሱ። ካብ ስራሕ ወጻኢ ሰዓታትን ኣብ እዋን በዓላትን ምሸት ድማ ክሳብ ሰዓት 8 ድ.ቀ. ኩሉ ግዜ ሓንቲ ተረኛ ፋርማሲ ትርከብ። ብድሕሪኡ ዘሎ ግዜ ግና ናብዚ ቑጽሪ ደውሉ 1811። ብዘይካ እዚ ድማ ኣብ በሊንዞና ብርክት ዝበላ ናይ ስኒ ክሊንካት ንኹሉ ተቐማጢ ዘገልግላ ትረኽቡ።



# ቤት ትምህርቲ

ህጻናት ካብ 4 ክሳብ 10 ዓመት ዘለው ብዘይ ክፍሊት መባእታዊ ትምህርቲ ክመሃሩ መሰሎም እዩ። እተን ቤት ትምህርቲ ድማ ኣብ ማሕበራዊ ርክባት ህጻናት ንምድንፋዕ፡ ኢደ ጥበብ፡ ስምዒታቶምን ኣተሓሳስበኦምን ክብ ኣብ ምባል ዓቢ ተራ ይጻወታ።
ንምድንፋዕ ናይ ምውህሃድ መስርሕ እምበኣር ኣብ መባእታ ቤት ትምርህቲ በሊንዞና ሓደ ናይ ዝተፈላለዩ ባህላዊ ዛዕባ ክኢላ ሰብ ይርከብ። እቲ/እታ ክኢላ ድማ ንኹሎም ሓደስቲ ስድራቤታትን ተመሃሮን ናብዛ ከተማ ዝመጹ ናይ ርክባትን ዝርርባትን መደባት ተዳሉ/የዳሉ።

ድሕሪ ምዝዛም መባእታዊ ትምህርቲ ኣብዚ ካንቶን ዋላ'ውን ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ግድነት እዩ። ኣብዚ ደረጃ ተመሃሮ ሓፈሻዊ መሰረታዊ ፍልጠት ይቐስሙ። ኣብዘን 11 ዓመት ግዱታውያን ትምህርቲ እምበኣር ገለ ካብቲ ዝመሃርዎ ቋንቋ ናይዚ ሃገር (ፈረንሰኛን ጀርመንን) ከምኡ'ውን እንግሊዝኛ እዩ።

ደቂ 16 ዓመት ምስ ኮኑ መናእሰያት ናዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ክኸዱ ይኽእሉ። እዚ ላዕለዋይ ትምርህቲ ድማ ካብ ሰለስተ ክሳብ ኣርባዕተ ዓመት ይወስድ። ከም ኣማራጺ ድማ ናይ ሞያ ትምህርቲ ንብቑዓትን ምቅርራብን ናይ ስራሕ ዓለም ክወስዱ ይኽእሉ። ዕሙቕ ዝበለ ፍልጠት ምስ ዝድለ ግዳስ ሓደ ካብ ዓሰርተ ናይ ስዊዘርላንድ ዩኒቨርስቲ ወይ ከኣ ካብተን ክልተ ናይ ሃገር ፖሊተክኒክ ክመርጹ ይኽእሉ።

# ቀረጽን ግብርን

ቀረጽ ኣገደስቲ ህዝባዊ ኣገልግሎታት ከም ትምህርትን ሕክምናን፡ መጎዓዝያን ህዝባዊ ክንክንን ኣብ ምዕንጋል ይጠቅም። ንቀዋሚ መንበሪ ዘይብሎም ተቖማጦ፡ ቀረጽ ብቐጥታ ካብ ደሞዞም ተቘሪጹ ይውሰድ። ካልኦት ኩሎም መንበሪ ወረቐት ዝውንኑን ናይ ስዊዘርላንድ ዜግነት ዘለዎምን ግና ኩሉ ግዜ ዓመታዊ ናይ ቀረጽ ጸብጻብ ክገብሩ ይግደዱ።

ኩሉ ናይ ራድዮን ተለቪዥንን ኣገልግሎት ኣብ ስዊዘርላንድ ግብሪ ይኽፈሎ እዩ። እቲ ክፍሊት ድማ ብመንገዲ Serafe AG ኣቢሉ ብመልክዕ ሕሳብ ናይ ግብሪ ክፍሊት ይስደደልኩም። ዝኾነት ስድራቤት ድማ እዚ ግብሪ ክትከፍል ትግደድ።

# መጎዓዝያን ካብን ናብን

ከተማ በሊዞናን ስዊዘርላንድ ድማ ብሓፈሻ ምቹእ መራኸቢ መንገዲ ባቡራትን ኣውቶቡሳትን ይርከባ።
ትካል ሃገራዊ መገዲ ባቡር ስዊዘርላንድን ትካል „Autoservizi Bellinzona e dintorni“ ዝተፈላለየ ናይ ቲኬት ቐረባት ኣለወን። እቲ መደብ ጉዕዞ ናይተን ተሽከርከርቲ ድማ ንሓድሕደን ከም ዝራኸባን ዝቃደዋን ገይሩ ዝተዳለወ እዩ።

መኪና ምዝዋር ካብ 18 ዕድመን ድሕሪ ምውናን መምርሒ ማኪናን ጥራይ እዩ ዝፍቀድ። ናይ ወጻኢ መምርሒ ፍቓድ መጀመርያ ኣብ ስዊዘርላንድ ተቐባልነት ክረክብ ኣለዎ። ን12 ኣዋርሕ ድማ ክጥቀምሉም ይከኣል። ብድሕሪኡ ግና ብናይ ስዊዘርላንድ መምርሒ ፍቓድ ክትካእ ይግባእ።
ቱግቱግን ተሳሓብትን ናይ ወጻኢ ሃገር ኣብ ስዊዘርላንድ እቲ ዋንኦን ንልዕሊ ሓደ ዕመት ኣብ ስዊዘርላንድ እንተተቐሚጡ ናይ ግድን ከመዝገበን ይግበኦ።

ናይ መገሻ መንገዲ ዝጥቀም ሰብ ድማ ብመልክዕ ዝጥቃዕ ግብሪ ክኸፍል ይግባእ። ኣብ ዱባት ዝርከባ ናይ ነዳዲ መምልኢ ትካላት፡ ድኳናት ወይ እንዳ ፖስታ ኬድካ ድማ ነቲ ዝልጠፍ ክገዛእ ይከኣል።

ኣብ ናይ ጎደና መጎዓዝያ ዘለዓለ ዓቐን 0,5 ክብደት ንሚለ ጥራይ እዩ ዝፍቀድ። መስተ ዝሰተየ ግና ብመሰረቱ ባዕሉ ክዝውር ኣይፍቀድን።



# ባህሊ

ነፍስወከፍ ዓመት ኣብ በሊንዞና ብኣማኢት ዝቑጸሩ ባህላውን ናይ ዕረፍቲ እዋን መደባትን ይዳሎ እዩ። ናብ ናይ ከተማ ቀንዲ ናይ Teatro Sociale – ሓንቲ ካብተን ኣገደስቲ ኣብነታት ናይ ህንደሳ ናይ ጥንታዊ ሎምባርዲ ከምኡ ድማ ናይ ከተማ ኢደጥበብ ቤተመዘክር Villa dei Cedri ክርቆሓ እንከለዋ ካልኦት ናይ ኤግዚቢሽን ቦታታት ድማ እተን ሰለስተ ጥንታውያን ድፋዓት ምርኣይ ይከኣል።

# ነጻ ግዜን ስፖርትን

ኣብ „Organizzazione turistica regionale Bellinzonese ed Alto Ticino“ ዝኾነ እዋን ሰፊሕ ሓበሬታታት ብዛዕባ መደባት ኣብ በሊንዞና ክትረኽቡ ትኽእሉ። ናይ መደባት ዓወደ-ኣዋርሕ ኣብ መርበብ ኢንተርነት ናይ መንዓዝያ ማሕበር ክትረኽቡ ትኽእሉ።

ከተማ በሊንዞና ንኣማተራት ኮነ ንፕሮፈሽናላት፣ ንዓበይቲ ኮነ ንመናእሰያት ስፖርታውያን ንጡፍ ምትሕብባር ትገብር። ንዝያዳ ድጋፍ ድማ ሓደ ናይ ኣካላዊ ህዝባዊ ትካል ንኹሉ ዓይነ ስፖርት ዘማእክል ተመስሪቱ እዩ። ካብ ናይ ከተማ ስታድዮም ጀሚርካ፣ ህዝባዊ መሐንበሲ ቦታታት፣ ዕጹው መሐንበሲ፣ ዕጽውን ክፉትን ናይ በረድ መንሸራተቲ፣ ናይ ተኒስ መጻወቲ ሜዳ፣ ናይ ተኒስ ኣዳራሽ ወዘተ ድማ ይርከብዎም።

# ህዝባዊ መሰላትን ፖለቲካዊ መሰላትን

ልዕሊ ዕድመ ዝኾኑ ናይ ስዊዘርላንድ ዜግነት ዘለዎም ተቐማጦ ነፍስወከፍ ኣርባዕተ ዓመት ወከልቲ ከተማን ወረዳን ይመርጹ። ባይቶ ድማ ብ50 ምሩጻት ወከልቲ ሓጋጊ ኣካል ዝቖመ እዩ። መንግስቲ ድማ (ምምሕዳር ማዘጋጃቤት) ብ7 ዝተመርጹ ወከልቲ ዝቖመ ኮይኖም፣ ነፍስወከፎም ድማ ነናቶም ጨንፈር ዕዮ ወኪሎም ፈጻሚ ኣካል የቑሙ።

ኣርባዕተ ግዜ ኣብ ዓመት ድማ መረጽቲ ንመንግስቲ፣ ወከልቲ ካንቶንን ወረዳን ከምኡ ድማ ተበግስቶታትን ምንጭታትን ኣብ ምውሳን ክመርጹ ናብ ሳጹን ምርጫ ይጽውዑ። በዚ ኣገባብ ድማ ነባሮ እዋናዊ ጉዳያት ኣብ ምውሳን ከምኡ ድማ ናይ ከተማ፣ ካንቶንን ሃገርን ድሌታት ኣብ ምምላእ ተርኦም ይጻወቱ።



# ምውህሃድ

በሊንዞና ናይ ባዕላ ናይ ምውህሃድ ትካል ትውንን። ወኪል ካንቶን ናይ ምውህሃድ ወጻእተኛታት ኣብ ተሲን ምምሕዳር ጨንፈር ምውህሃድ ወጻእተኛታት ድማ ቦትኡ ይርከብ።

ብሃገር ደረጃ ድማ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት (Staatssekretariat für Migration) ከምኡ ድማ ኮምሽን ስደተኛታትን ንፖለቲካዊ ምውህሃድ (Eidgenössische Migrationskommission für die Integrationspolitik) ሓላፍነት ይስከሙ።

ንምክልኻል ዓሌታውነት ከኣ ጨንፈር ምብዳህ ዓሌታውነትን (Rassismusbekämpfung) ኮምሽን ኣንጻር ዓሌታውነትን ጽልኢ ወጻእተኛታትትን (Eidgenössische Kommission gegen Rassismus und Fremdenfeindlichkeit) ዝምልከቶም ትካላት እዮም።



# Impressum

**Editore:**
Municipio della Città di Bellinzona
Piazza Nosetto
6500 Bellinzona

Tel. +41 58 203 10 00
www.bellinzona.ch
cancelleria@bellinzona.ch

© Municipio della Città di Bellinzona

**Autore:**
Alberto Cotti
Movimento della popolazione
Piazzál dal Comun 1
6702 Claro

Tel. +41 58 203 11 40
controllo.abitanti@bellinzona.ch

**Concetto grafico e illustrazioni:**
Studio grafico Warp – Robasacco

**Traduzioni:**
Interserv AG – Zurigo

**Stampa:**
Tipografia Torriani SA - Bellinzona

2ª edizione (dicembre 2018)

**Nota degli autori**
Per quanto concerne la correttezza dei contenuti, fa stato unicamente la versione italiana.
I testi tradotti nelle altre lingue, nel limite del possibile, sono stati meticolosamente verificati.
In considerazione della complessità della materia, gli autori non escludono la possibilità che ci possano comunque essere errori, imprecisioni oppure interpretazioni errate o offensive rispetto alla versione originale.

Con il sostegno del Servizio per l'integrazione degli stranieri nell'ambito del Programma di integrazione cantonale (PIC) 2018-2021.

PIC
PROGRAMMI D'INTEGRAZIONE CANTONALI

ti
Repubblica e Cantone Ticino
Dipartimento delle istituzioni

Città di Bellinzona

